1177 VÅRDGUIDEN | Region Kalmar län

## ንወለዲ ዚምልከት ሓበሬታ

# ብዛዕባ ምኽንሻብ ደቀኣንስትዮ (FGM)

**ኣብ ስዊድን ዘለዉ ኩሎም ቆልዑ፣ ኣንጻር ዓመጽን መጥቃዕትን ጸግዒ ክረኽቡ መሰል ኣለዎም።**

እዚ ድማ ንኸም ምእላይን ምስፋይን ጉድበን ውሽጣውን ደጋውን ከንፈር ርሕምን፡ ሱና፡ ግዝረት፡ ምብሳዕ፡ ምንዳድ፡ ምስፋይ ዝኣመሰለ ኩሉ ዓይነታት ምኽንሻብ ደቀኣንስትዮ የጠቓልል። ኣብ ብልዕቲ ዝግበር ኩሉ ዓይነት ዘይ-ሕክምናዊ መጥባሕቲ እተኸልከለ እዩ። ኩሎም ቆልዑ፡ ብዝተኻእለ መጠን ብሉጽ ጥዕና ክህልዎም መሰል ኣለዎም።

### ሓደጋታትን ጸገማትን

ክንሸባ (ምእላይ ክፍሊ-ኣካል፡ ምብሳዕ፡ ምቅጻል፡ ምስፋይ) ኣብ ጓልኩም ኣብ ዝካየደሉ እዋን፡ ከቢድ መድመይትን ቃንዛን ንኺጋጥማ ተኽእሎ ኣሎ፣ ብደም ዚመጽእ ረኽሲ ንዝኣመሰለ ሓደጋ ረኽሲ ድማ ኽትቃላዕ ትኽእል እያ።  ምኽንሻብ ደቀኣንስትዮ፡ ነታ ቖልዓ ዜሰንብድ ኮይኑ፡ ጓልኩም ድማ ስነ-ኣእምሮኣዊ ጸገማት ናይ ምምዕባል ተኽእሎ ክህልዋ እዩ።

ንሱ ጥራይ ኣይኮነን፣ ጓልኩም ምስእተኽንሸብ፡ ንምሉእ ዕድሚኣ ዚጸንሕ ጸገማት ጥዕና ክህልዋ እዩ። እቲ ኣዝዩ ግኑን ጸገም ድማ ሽንቲ ማይ ብቐሊሉ ኽትሸይን ኣይትኽእልን፣ ንኽትሸይን ነዊሕ ግዜ ትወስድ፡ ኣቓንዛዊ ድማ ይኸውን። እናዓበየት ኣብ እትኸደሉን ጽግያት ክመጻ ኣብ ዝጅምረሉ እዋንን፡ እቲ ዘይወጽእ ደም፡ ዓቢ ቓንዛ ክፈጥረላ ይኽእል እዩ። እዚ ድማ ቃንዛ ርእሲ፡ ቃንዛ ከብዲ፡ ቃንዞ ሕቖን ምቕይያር ኩነተ-ኣእምሮን ከስዕብ ይኽእል እዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ እተን ዝተኸንሸባ ሓያሎ ደቀኣንስትዮ፡ ጾታዊ ጸገማት የማዕብላን ናተን ውሉድ ኣብ ምውላድ ድማ ጸገማት ይህልወን።

1177 VÅRDGUIDEN | Region Kalmar län

ንወለዲ ዚምልከት ሓበሬታ

ብዛዕባ ምኽንሻብ ደቀኣንስትዮ (FGM)

ኣብ ስዊድን ዘለዉ ኩሎም ቆልዑ፣ ኣንጻር ዓመጽን መጥቃዕትን ጸግዒ ክረኽቡ መሰል ኣለዎም።

እዚ ድማ ንኸም ምእላይን ምስፋይን ጉድበን ውሽጣውን ደጋውን ከንፈር ርሕምን፡ ሱና፡ ግዝረት፡ ምብሳዕ፡ ምንዳድ፡ ምስፋይ ዝኣመሰለ ኩሉ ዓይነታት ምኽንሻብ ደቀኣንስትዮ የጠቓልል። ኣብ ብልዕቲ ዝግበር ኩሉ ዓይነት ዘይ-ሕክምናዊ መጥባሕቲ እተኸልከለ እዩ። ኩሎም ቆልዑ፡ ብዝተኻእለ መጠን ብሉጽ ጥዕና ክህልዎም መሰል ኣለዎም።

ሓደጋታትን ጸገማትን

ክንሸባ (ምእላይ ክፍሊ-ኣካል፡ ምብሳዕ፡ ምቅጻል፡ ምስፋይ) ኣብ ጓልኩም ኣብ ዝካየደሉ እዋን፡ ከቢድ መድመይትን ቃንዛን ንኺጋጥማ ተኽእሎ ኣሎ፣ ብደም ዚመጽእ ረኽሲ ንዝኣመሰለ ሓደጋ ረኽሲ ድማ ኽትቃላዕ ትኽእል እያ።  ምኽንሻብ ደቀኣንስትዮ፡ ነታ ቖልዓ ዜሰንብድ ኮይኑ፡ ጓልኩም ድማ ስነ-ኣእምሮኣዊ ጸገማት ናይ ምምዕባል ተኽእሎ ክህልዋ እዩ።

ንሱ ጥራይ ኣይኮነን፣ ጓልኩም ምስእተኽንሸብ፡ ንምሉእ ዕድሚኣ ዚጸንሕ ጸገማት ጥዕና ክህልዋ እዩ። እቲ ኣዝዩ ግኑን ጸገም ድማ ሽንቲ ማይ ብቐሊሉ ኽትሸይን ኣይትኽእልን፣ ንኽትሸይን ነዊሕ ግዜ ትወስድ፡ ኣቓንዛዊ ድማ ይኸውን። እናዓበየት ኣብ እትኸደሉን ጽግያት ክመጻ ኣብ ዝጅምረሉ እዋንን፡ እቲ ዘይወጽእ ደም፡ ዓቢ ቓንዛ ክፈጥረላ ይኽእል እዩ። እዚ ድማ ቃንዛ ርእሲ፡ ቃንዛ ከብዲ፡ ቃንዞ ሕቖን ምቕይያር ኩነተ-ኣእምሮን ከስዕብ ይኽእል እዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ እተን ዝተኸንሸባ ሓያሎ ደቀኣንስትዮ፡ ጾታዊ ጸገማት የማዕብላን ናተን ውሉድ ኣብ ምውላድ ድማ ጸገማት ይህልወን።

## ከም ወለዲ መጠን፣ ሓላፍነትኩም እዩ

ንውላድኩም እቶም ኣዝዮም ኣገደስቲ ሰባት ንስኹም ኢኹም፣ ስለዚ ንሳ ንኽይትኽንሸብ ንኽትከላኸሉላ ሓላፍነትኩም እዩ። ክንሸባ ምክያድ ጥራይ ዘይኮነስ፣ ክንሸባ ንኽካየድ ምድፍፋእን ምትብባዕን ድማ ዘይሕጋዊ እዩ። ዋላ'ውን እቲ ኽንሸባ ዘካይድ ካልእ ሰብ ይኹን፣ እቲ ኽንሸባ ካብ ስዊድን ወጻኢ ኣብ ዝኾነ ቦታ ይካየድ ብዘየገድስ፣ ናትኩም ሓላፍነት እዩ። ጓልኩም ንኽይትኽንሸብ ንምክልኻል፣ ኽትከብርዎ እትኽእሉ ኩሉ ነገር ኽትገብሩ ኣለኩም። እቶም ደቆም ከምዝኽንሸባ ዝገብሩ ወለዲ ዝውሃቦም መቕጻዕቲ፣ ካብ 2-10 ዓመታት ዚጸንሕ ማእሰርቲ እዩ።

## እዚ ዓይነት ጸግጢ የጋጥመኩም እንተልዩ፣ ሓገዝ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም

ገለ ወለዲ፣ ደቆም ንኽኽንሸባ ካብ ስድራን ኣዝማድን ጸቕጢ ይግበረሎም እዩ። ምኽንሻብ ደቀኣንስትዮ ኣብ ስዊድን ክልኩል ምዃኑ ኣብ ምግላጽ ሓገዝ ንኽትረኽቡ፣ ብዛዕባ እገዳ ምኽንሻብ ደቀኣንስትዮ ዚገልጽ ጽሑፍ ኣዳሊና ኣሎና። ነቶም ንዓኹም ከእምኑ ዝፍትኑ ሰባት ኣብ ዝረኽብክሙሉ እዋን፣ ምሳኹም ሕዝክሙዎ ኽትከዱ ትኽእሉ፣ ስለዚ ድማ ከም ወለዲ መጠን፣ ውላደም ንኽይትኽንሸብ ምስዘይከላኸሉ፣ ህይወቶም ሓደጋ ማእሰርቲ ከጋጥማ ከምዝኽእል ክርድኡ ይኽእሉ።

**ንዝያዳ ሓበሬታ፣ ኣብ** www.hedersfortryck.se **ይርከብ**

Språk: Tigrinja

Region Kalmar län

እተመሓየሸሉ መወዳእታ ዓመት፥ 2016

ብድምጺ ብመልክዕ ሲዲ፣ ብብረየል ወይ ብቀሊል ስዊድንኛ እተዳለወ መንሹር ኪጥለብ ይከኣል እዩ። ብስዊችቦርድ 0470-58 80 00 ገይርኩም ንኽፍሊ ርክባት ተወከሱ።

## ከም ወለዲ መጠን፣ ሓላፍነትኩም እዩ

ንውላድኩም እቶም ኣዝዮም ኣገደስቲ ሰባት ንስኹም ኢኹም፣ ስለዚ ንሳ ንኽይትኽንሸብ ንኽትከላኸሉላ ሓላፍነትኩም እዩ። ክንሸባ ምክያድ ጥራይ ዘይኮነስ፣ ክንሸባ ንኽካየድ ምድፍፋእን ምትብባዕን ድማ ዘይሕጋዊ እዩ። ዋላ'ውን እቲ ኽንሸባ ዘካይድ ካልእ ሰብ ይኹን፣ እቲ ኽንሸባ ካብ ስዊድን ወጻኢ ኣብ ዝኾነ ቦታ ይካየድ ብዘየገድስ፣ ናትኩም ሓላፍነት እዩ። ጓልኩም ንኽይትኽንሸብ ንምክልኻል፣ ኽትከብርዎ እትኽእሉ ኩሉ ነገር ኽትገብሩ ኣለኩም። እቶም ደቆም ከምዝኽንሸባ ዝገብሩ ወለዲ ዝውሃቦም መቕጻዕቲ፣ ካብ 2-10 ዓመታት ዚጸንሕ ማእሰርቲ እዩ።

## እዚ ዓይነት ጸግጢ የጋጥመኩም እንተልዩ፣ ሓገዝ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም

ገለ ወለዲ፣ ደቆም ንኽኽንሸባ ካብ ስድራን ኣዝማድን ጸቕጢ ይግበረሎም እዩ። ምኽንሻብ ደቀኣንስትዮ ኣብ ስዊድን ክልኩል ምዃኑ ኣብ ምግላጽ ሓገዝ ንኽትረኽቡ፣ ብዛዕባ እገዳ ምኽንሻብ ደቀኣንስትዮ ዚገልጽ ጽሑፍ ኣዳሊና ኣሎና። ነቶም ንዓኹም ከእምኑ ዝፍትኑ ሰባት ኣብ ዝረኽብክሙሉ እዋን፣ ምሳኹም ሕዝክሙዎ ኽትከዱ ትኽእሉ፣ ስለዚ ድማ ከም ወለዲ መጠን፣ ውላደም ንኽይትኽንሸብ ምስዘይከላኸሉ፣ ህይወቶም ሓደጋ ማእሰርቲ ከጋጥማ ከምዝኽእል ክርድኡ ይኽእሉ።

**ንዝያዳ ሓበሬታ፣ ኣብ** www.hedersfortryck.se **ይርከብ**

Språk: Tigrinja

Region Kalmar län

እተመሓየሸሉ መወዳእታ ዓመት፥ 2016

ብድምጺ ብመልክዕ ሲዲ፣ ብብረየል ወይ ብቀሊል ስዊድንኛ እተዳለወ መንሹር ኪጥለብ ይከኣል እዩ። ብስዊችቦርድ 0470-58 80 00 ገይርኩም ንኽፍሊ ርክባት ተወከሱ።